# ራብዓይ ስሩዕ ኣኼባ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ዞና ኤውሮጳ ተኻይዱ

ሓባራዊ ዜናዊ ኣካል ሰ.ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን

16.02.2009

ኣብ ዞባ ኤውሮጳ ንዝካየድ ዘሎ ሓድነታዊ ጉዕዞ እትመርሕ ዘላ ኣዋሃሃዲ ሽማግለ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ብዕለት 15 ለካቲት 2009 ራብዓይ ስሩዕ ኣኼብኣ ኣካይዳ። ዕላማ ናይቲ ኣኼባ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ኣዋርሕ ብደረጃ ኤውሮጳ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ክልቲኡ ኣሓት ሰልፍታት ዝተኻየደ ሓባራዊ ስራሓት ንምግምጋም ዝዓለመ ኰይኑ፡ ገና ንዘይተፈጸሙ ዕማማት ኣጽኒዕካ ንምግጣሞም ኢዩ ነይሩ።

ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቪያ (ሽወደንን ኖርወይን)፡ ኣብ ጀርመን ብሓፈሻ፡ ኣብ ዒዲ-ጣልያን ከተማ ሚላኖን ከምኡውን ኣብ ዓዲ እንግሊዝን ንዝተኻየዱ ሓባራዊ ኣኼባታትን ውጽኢቶምን ድሕሪ  ምግምጋም፡ ኣብ መጻኢ ንኽካየዱ ብቈጸራ ተታሒዞም ዘለዉ መደባትውን ተለሙ። ብዘይካዚ ኣብ ሆላንድ ዝርከቡ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ዘለዎም ናይ ስራሕ ምርድዳእን ምቅርራብን ውን ኣገዳሲ ባይታ ምዃኑ ሓባራዊ ሚዛን ኣቐሚጡ። ኣዋሃሃዲት ሽማግለ፡ ለበዋን ርእይቶን ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ብሓፈሻ፡ መሪሕነት ሰልፍታት ሒዝዎ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት ጥንቁቕን ኣገዳስን እኳ እንተኾነ፡ ዝወሰዶ ግዜ እኹል ኰይኑ ፍጹም ሓድነት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንኽፍጸም ዝጠልብ ምዃኑ ውን ተገንዚባ።

ኣብቲ ኣኼባ ኣባል ላዕለዋይ ሓባራዊት ሽማግለ ተረኺቡ ብምንባሩ፡ ውጽኢት ኣኼባ ብኣቦ-መንበራት እትምራሕ ሓባራዊት ሽማግለን ናይ መጻኢ መደባታን ሓቢሩ። ኣብ ኤውሮጳ ክሰላሰሉ ኣብ ውጥን ዘለዉ እዋናውያን ሓባራዊ ዕማማትን ተኣታትዩ ዘሎ ናይ ስራሕ ምክፍፋልን ድማ፡ ብሰፊሕ ኣብቲ ኣኼባ ተዘትይሉ። ራብዓይ ኣኼባ ኣዋሃሃዲት ሽማግለ ዕማማቱ ድሕሪ ምግምጋምን ብሓባራዊት ሽማግለ ዝወጹ ተግባራዊ ዕማማት ድሕሪ ምዝታይን፥ ንሓድነት ክልቲኡ ሰልፍታት ከቐላጥፉ ዝኽእሉ ናይ መጻኢ ውጥናት ተሊሙ ብናይ ሓባራዊ ምርድዳእ ተደምዲሙ።